*ርሑስ በዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን ክገብረልና ንምነ፣*

* *

ግዝያተ ልደትን ሓድሽ ዓመትን ከም ተለምዶ ህዝቢ ህያብ ዝለዋወጠሉን ንቐጻሊ ዓመት ድማ ናይ ጽቡቕ ድሌት ትምኒቱ
ዝገልጸሉን እዋናት ኢዩ።

ካብ ዝጥቀሱ ጽቡቕ ትምኒታት ድማ ከም እኒ ጥዕና፡ ሰላም፡ ራህዋ፡ ቅሳነት ከምኡ'ውን ሃብቲ ይርከብዎም። ህዝብና ግን ነቲ ዘሕልፎ ዘሎ መወዳድርቲ ዘየብሉ ከርፋሕ ናብራ ብምስትብሃል ዝምነዮ ሓንቲ ነገር ጥራይ እያ። ንሳ ከኣ መሰሉን ክብሩን እትሕልወሉ ቅዋማዊት ኤርትራ ምርኣይ።

እወ ኣባላት ዓለም-ለኻዊ ሕብረት ኤርትራውያን (Eritrean Global Solidarity EGS) እውን ዓመት 2009 ዝተመንዝወ ክብሪ ህዝብና ዝምለሰሉን መሰሉ ዝረጋገጸሉን ናይ ተስፋ ዓመት ክትኮነልና ንምነ። ትምኒትናን ትምኒት ህዝብናን ዝጋሃደሉ እዋን ድማ ነዊሕ ኣይኮነን። መርኣያ ሓቅነቱ ድሮ ከም ሽልምቲ ገረብ ናይ ልደት ብልጭ-ብልጭ ይብል ምህላዉ ንዕዘብ ኣሎና።

ብዛዕባ እንታይ ተገይሩን እንታይ ተባሂሉን ዝያዳ ነቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ብቐረባ ዝከታተልዎ ዘሎው ዝምልከት ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ቕንያት እዚ ንኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ንምብዳህ ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝውሰድ ዘሎ እምቢታን ዓመጻዊ ስጉምትታትን በብማዓልቱ ብመርበብ ማዕከናት ይበጽሓና ኣሎ። ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ሳቦያ ኢሉ ዝተበገሰ ዓርሞሽሻዊ ሓይሊ እዩ ኢልና ስለ እንኣምን ድማ ንሙሉእ ህዝባዊ ዓወቱ ብተስፋ ንጽበዮ። ግን ከኣ ንሕሉፍ ተመኩሮ ቃልስና ብምውካስ፡ ከም'ቲ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዝተቐጽየ ምንቅስቓሳት ከይከውን ዘሎና ስግኣት ክንልግስ ንፈቱ። ክንርስዖ ዘየብልና ግን ብድሕሪ እዚ ኹሉ ግፍዕን መከራን ክመጽእ ዝኽእል ለውጢ ህዝባውነት ክህልዎን፡ ንምትግባሩ ኣብ ዝካየድ ስርሒታት ድማ ብዝተኻእለ መጠን ሃስያ ህዝብና ኣብ ግምት ዘእተወን፡ ሓላፍነታውን ምዃኑ ምርግጋጽ ኢዩ። ነዚ ዘማልአ ለውጢ ምስ ዝኸውን ድማ ኣብ ጎድኒ እቲ ዝካየድ ዘሎ ምንቅስቓስ ደው ከም እንብልን ካባና ዝድለ ዘበለ ሓገዛት ከም ዘይፍለዮምን ኣብ'ዚ ክቡር ቕንያት እዚ ከነረጋግጸሎም ንፈቱ።

ክቡር ተቓላሳይ ህዝብና፤ ዓመት 2009 ቅዋም ኤርትራ ተተግቢሩ ሕጊ ክነግስ፡ ብኡ መጠን ከኣ ህዝብና ክርህዎን ክቐስንን እንዳተመኔና፡ ኣብ ሃገርና ስርዓተ-ሕግን ደሞክራስን ንምርግጋጽ ኣብ እነካይዶ ዕቱብ ቃልሲ ኩሉኹም ደለይቲ ለውጢ ኤርትራውያን ኣካል ኤርትራዊ ዓለም-ለኻዊ ምትእስሳር ንኽትኮኑ ክቡር መጸዋዕታና ነቕርብ።

ኤርትራዊ ዓለም-ለኻዊ ምትእስሳር

ፈጻሚት ኣካል